# ጠንቅን ሳዕቤንን ተነጽሎ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት


## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን


28.01.2006

ብደረጃ ሃገር ጥራይ ዘይኮነስ ዋላ ብደረጃ ሓደ ቤተሰብ እውን እንተኾነ ምስ ጐረቤትካ ዝግበር ዝምድና ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘይግንዘብ ኣካል ኣሎ ዝብል እምነት የብልናን። ጐረቤት ኣገዳሲ ዝኸውን ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ቤተሰብ ጥቓኻ ስለ ዝርከብ ጥራይ ዘይኮነስ ኪኖ'ቲ ኣካላዊ ምቅርራብ ብዙሕ ዘራኽበካ ጉዳያት ስለ ዘሎ እዩ። ብሓጺሩ እቲ ኣብ መንጎ ጐረባብቲ ሃገራት ዘሎ ዝምድና ብጀኦግራፊያዊ ምቅርራብ ጥራይ ዝውሰን ዘይኮነስ ባህላዊ ቁጠባዊ ከምኡ'ውን ናይ ዘርኢ ዝምድና እውን ስለ ዘለዎ እዩ። ኣብ ጐረቤትካ ብዘሎ ኣውንታ ኮነ ኣሉታ ክትጽለው ግድን ስለ ዝኾነ ድማ እቲ ምቅርራብን ጽቡቕ ጉርብትናን ንሓደ ወገን ዘገድሶ ነቲ ካልእ ወገን ድማ ዘይምልከቶ ዘይኮነስ ኩሉ ዝረብሓሉን ብኩሉ ወገናት ግቡእ ሓለዋ ክግበረሉን ዝግባእ እዩ። እቲ ወለድና "...እንተ ክትድቅስ ጐረቤትካ ይደቅስ..." ዝብልዎ ምስላ ድማ ነዚ እዩ ዘረደኣና።

ሃገራት ዝመርሑ መንግስታት ይኹኑ ውድባት ብሓፈሻ ምስ ዝኾነት ሃገር ብፍላይ ድማ ምስ ጐረቤቶም ዝገብርዎ ዝምድናን ምቅርራብን ድማ ናይ ብቕዓቶም መምዘኒ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ መብዛሕትኡ ተመኩሮ ከም ዝተረጋገጸ እቲ ንህዝቡን ሃገሩን ሓላይን ግዱስን ዝኾነ መንግስቲ ንጐረባብቲ'ውን ከምኡ ልዙብን ሰላማውን ይኸውን። እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝጭክንን ዝብድልን መንግስቲ ድማ ምስ ጐረባብቱ'ውን ከሳኒ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ኣብ መንጎ ጐረባብቲ ሃገራት ዝግበር ዝምድና ዝበላሾ ካብቶም ተዛመድቲ ወይ ኩሎም ወይ ድማ ሓዲኦም ናቶም ረብሓ ጥራይ ርእዮም እቲ መዛምድቶም ክረኽቦ ዝግባእ ረብሓ ኣብ ግምት ከየእተዉ ክጐዓዙ ክፍትኑ እንከለዉ እዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ነቲ ንቡር ዝምድና መጢጥካ ናብ ውሽጣዊ ኩነታት ናይታ መዛምድትኻ ዝኾነት ጐረቤት ሃገር ምእታው እውን ካልእ ንዝምድና ጐረባብቲ ሃገራት ጥዕና ዝኸልእ ተግባር እዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ናይቲ ዝምድና መሰረታዊ መንቀልን ዕላማን ግዝያውን ምስቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ዝተወሰነን ዝበልን እንተደኣ ኮይኑ ናብ ሕማቕ ዝመርሕ ይኸውን። ኣብዚ ኩነታት'ዚ እዩ ድማ፡ እቲ ብናይ ሓባር ረብሓን ምክብባርን ክቃነ ዝግበኦ ዝምድና ዝዝረግ። ከምቲ ግቡእ ግና ምስ ጐረባብቲ ዝግበር ዝምድና ኣንዊሑ ዝርኢን ምጽውዋር ዘይተፈለዮን ልዕሊ ኩሉ ድማ ንረብሓ ህዝቢ እተን ዝምድና ዝፈጥራ ጐረባብቲ ሃገራት ልዕ ሊ ኩሉ ዝሰርዕ ክኸውን ይግብኦ።

ኣብ'ዚ ንርከበሉ ዘለና እዋን ብሰንኪ ሕማቕ ዝምድና ምስ መላእ ዓለም ብሓፈሻ፤ ብፍላይ ድማ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ይሳቐያ ካብ ዘለዋ ሃገራት ሓንቲ ኤርትራ እያ። ናይ'ዚ ስቅያት'ዚ ቀንዲ መንቀሊ ድማ እቲ ንህዝብናን ሃገርናን ጨምዲዱ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ህግዲፍ እዩ። ሎሚ ኤርትራ ምስ ጐረባብታ ዘለዋ ዝምድና ሕማቕ'ዩ ኢልካ ጥራይ ትሓልፎ ዘይኮነስ ኣዝዩ ዝኸፍኤን ብኣዕናዊ ውግኣት ዝሓልፍ ዘሎን እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ድማ እቲ ንኤርትራ ካብ ፍቓድ ህዝቢ ወጻኢ ብዓመጽ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ህግዲፍ ምስ ኩለን ንኤርትራ ዘዳውባ ሃገራት በብግዜኡ ውግእ ምክያዱ እዩ። እሞ ድማ ናይ ኩሉ ውግኣት ጀማሪ እቲ ስርዓት ባዕሉ ምዃኑ እዩ። እቲ ነዚ ዝያዳ ኣገራሚ ዝገብሮ ድማ እዚ ስርዓት ካብ'ቲ ኣብ መጀመሪያ ዘካየዶ ውግእ ከይተማህረ ነቲ ግጉይ ውግእ እናደጋገሞ ምቕጻሉ እዩ። እምበኣር ሎሚ ሃገርናን ህዝብናን ብሰንኪ'ዚ ተናኻሲ ባህሪ ናይ'ዚ ኢደ ወነናዊ ስርዓት ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ኮነ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ተነጺሎም ኣለዉ። ናይ'ቲ ምስ'ዚ ተነጽሎ ዝመጽእ መዓት ቀንዲ ተጠቃዒ ድማ ህዝብና እምበር እቲ ስርዓት ኣይኮነን። ሎሚ ቁጠባ ኤርትራ ባይታ ዘቢጡ ህዝብና ዋላ ኣብ ግዜ መግዛእቲ'ውን ርእይዎ

ኣብ ዘይፈልጥ ቅልውላው ኣትዩ'ሎ። ሎሚ ህዝብና ዋላ'ውን ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ግዜ ነጻነታዊ ቃልሲ ኣብ ጐኑ ተሰሊፉ ዝነበረ ህዝቢ ሱዳን ከይተረፈ ከም ከዳዕን ጠላምን ተቖጺሩ። ኣብ ቅድሚ ጐረቤቱ ህዝቢ የመን እውን ሓደ እዋን ከም ወራሪ ተቖጺሩ ከም ዝነበረ ናይ ቀረባ ግዜ ተዘክሮ እዩ። ምስ ህዝብታት ጅቡትን ኢትዮጵያን ኣትይዎ ዘሎ ወጥሪ'ውን ካብ'ዚ ተዘይገዲዱ ዝሓይሽ ኣይኮነን። ናይ'ዚ ኩሉ ጠንቅን መንቀልን ድማ ናይ ስርዓት ህግዲፍ ዘይውሕሉል ኣተሓሕዛ ዝምድና ምስ ጐረባብቲ ሃገራት እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ጐረባብትና ህዝብታትን መንግስታትን ንህዝብና ብዓይኒ ጸይቂ ኣካይዳ እቲ ስርዓት ዘይኮነስ ከም ደላይ ሰላምን ጽቡቕ ጉርብትናን ዝኾነ ህዝቢ ተረዲኦም ኣንዊሖም ብምርኣይ ምትሕብባሮም ከየብኩሩ ነማሕጽን።

ሎሚ ዓለም ኣዝያ እናተቐራረበት ኣብ እትኸደሉ ዘላ ግዜ መንግስታት ዝለዓለ ግምት ሂቦም ካብ ዝንቀሳቐስሉ ዘለዉ ጉዳይ ሓደ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናኻ ምድልዳል እዩ። መብዛሕትኡ እዚ ጻዕርታት ካብ ጐረቤት ዝጅምር ኽሸውን እንከሎ ዞባዊ መድረኻት ምፍጣር እውን ብዝለዓለ ደረጃ ዝስረሓሉ ዘሎ ዲፕሎማሲያዊ ስልቲ ኮይኑ ኣሎ። ብመንጽር እዚ ኣብዚ ከባቢና መንግስታት ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን የመንን ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት ዝጀመርዎ ምትእኽኻብ ሰንዓ ከም ኣብነት ይጥቀስ። ሓድሽ መንግስቲ ሶማልያ'ኳ ምስቲ ኩሉ ጸገሙ ናይዚ መድረኽ'ዚ ኣካል ኮይኑ'ሎ። እዞም መንግስታት ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ወደባዊት ከተማ ናይ የመን ዓደን ኣኼባኦም ፈጺሞም ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ ንናይዚ ከባቢ ሰላምን ልምዓትን ብሓባር ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጾም እዮም። እዚ ዘረድኦ መሰረታዊ ጉዳይ እምበኣር ነቲ ብሓንቲ ሃገር ክዕመም ዘይክእል ዋኒን ንናይ ሓባር ረብሓ ብናይ ሓባር ዓ ቕሚ ክምክትዎ ድሉዋት ምህላዎም እዩ። ናይዚ ካልእ ትርጉም ኣብ ክንዲ ንዝኾነ ሓገዝ ኣብ ርሑቕ ካብ ዝርከቡ ሃብታማትን ሓያላትን ጥራይ ምጽባይ በቲ ዋላ ውሱን ይኹን ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ሃብትን ሓይሊ ሰብን ዕዳጋን ክትጥቀም ምጽዓር እዩ። እዚ ምቅርራብ'ዚ ነገራዊ ረብሓ ዘውህብ ጥራይ ዘይኮነስ ንክብደትካ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም እውን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ኤርትራ ናይ'ዚ ከባቢያዊ ሓባራዊ ጸጋ ተጠቃሚት ኣይኮነትን። ህዝባ ካብቲ ናይ ጸገምን ራህዋን መኻፍልቱ ኽሸውን ዝግበኦ ህዝቢ ጐረባብቱ ሃገራት ተነጺሉ ኣሎ። ዋላ'ኳ እዚ ስርዓ ት'ዚ ክሳብ ዘሎ ከም'ዚ ዓይነት ተነጽሎ ክንጽበዮ ዝግበኣና እንተኾነ ብተግባር ክትርእዮ እንከሎኻ ድማ ዝያዳ ዘስቀርቁር እዩ። እቲ መፍትሒ ግና ምስቁርቋር ዘይኮነስ ነቲ ንክንንጸል ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ ስርዓት ጉሒፍካ ሓድሽ መድረኽ ንምፍጣር ምጽዓር ጥራይ እዩ። ዝጸብጸብና ጸገም እንተጸብጸብና ናይ ኩሉ ጠንቂ እዚ ስርዓት ምዃኑ ድማ ንሓንቲ ክልኢት'ውን ክንዝንገዖ ኣይግበኣናን።

ኣብ መወዳእታ ክንብሎ እንደሊ ድማ፡ እቲ ስርዓት ንዝኾነ ይኹን ጌጋ ወይ ሕጽረት ንካልእ ናይ ምስካም ልምዲ ስለዘለዎ፤ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ወሪዱ ዘሎ ናይ ተነጽሎ ኾነታት ውን፡ ንጐረባብቲ ሃገራት ከይነሰክሞም ክንጥንቀቕ ኣሎና። ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ውን፡ ነቲ ስርዓት ህግዲፍ ደዊንዎ ዘሎ ዝምድና ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ከዕርዮ ኩሉ ዝከኣሎ ዘበለ ክገብር ኣለዎ። እንተኾነ ናይ ኪዳን ጻዕሪ ብናይ ህዝቢ ተሳትፎ እንተዘይተደጊፉ ዕዉት ኽሸውን ኣይክእልን እዩ። ምእንቲ'ዚ መላእ ደላይ ሰላምን ዲሞክራሲን ዝኾነ ኤርትራዊ ንሃገርና ካብዚ ኣትያቶ ዘላ ደልሃመት ንምውጻእ ኣብ ጐኒ ኪዳን ክስለፍ ይግብኦ።